*Embassy of the State of Eritrea*
*United Kingdom*

**London: 21 June 2010** **REF: PUBL/MEDIA/NEWS REP**

# ድምቐት ዝዓሰሎ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ብሪጣንያ

ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ከተማታት ሸፊልድ ልዕሊ 250፡ ኣብ ማንሸስተር ልዕሊ 200፡ ኣብ በርሚንሃም ልዕሊ 150፡ ኣስታት 100 ኣብ ስኮትላንድ፡ ኣስታት 60 ድማ ኣብ ሊድስ ዝተሳተፉዎ ዝኽሪ ሰማእታት ዕለት 20 ሰነ ተኸቢሩ ውዒሉ። ኣብ ሸፊልድ፡ ማንሸስተርን በርሚንሃምን ብፍላይ ዝተኸብረ መዓልቲ ሰማእታት ብፍላይ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ቆልዑን ዓበይትን ዘጠቓላለ ኢዩ ነይሩ።

*ሸፊልድ 20 ሰነ*





ኣብ ሸፊልድ ዝርከብ ናይ ኤርትራዊያን ኮሙኒቲ መዓልቲ ሰማእታት ሰንበት 20 ሰነ ልዕሊ 280 ዓበይትን ቆልዑን ኣብ ዝተረኽብሉ ካብ ሰዓት 14፡00 ክሳብ 20፡00 ምሸት ብዓቢ ድምቐት ተዘኪሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ሽማግለ ማሕበረ ኮም ንመዓልቲ ሰማእታት ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪባ። ብቆልዑ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ድማ ዝተፈላለየ መዛሙር ቀሪቡ ነቲ መዓልቲ ዝኽሪ ዓቢ ድምቀት ፈጢሩ። ብተወሳኺ ብስነ ጥበባዊያን ናይቲ ከባቢ ዝተፈላለየ ነቲ መዓልቲ ዘንጸባርቕ ደርፍታትን መዛሙርን ኣብ ልዕሊ ምቕራቡ ካብ ተሳፈቲ ግጥምታት ተነቢቡ። ኣብ ሸፊልድ ተጀሚሩ ዝጸንሐ ጎስጓስ ንምስፋሕን ንምህብታምን ድማ ተሳተፍቲ 382 ፓውንድ ንማዕከን ሰማእታት ኣበርኪቶም።

ዜናን ሓበሬታን
ሽማግለ መኸተ፡ ላንደን

*TG*